# ንሕቶ ናይ ማሕበራዊ ረድኤት ዝምልከት ሓበሬታ

## መምዘኒ ናይ ዝወሃበካ ረድኤት

መሰል ናይ ማሕበራዊ ረድኤትን ዓቕኑን ኣብ ካንቶናዊ ሕጊ ናይ ማሕበራዊ ረድኤትን Sozialhilfegesetz (SHG) መምርሒታት ናይ SKOSን (ኮሚተ ናይ ማሕበራዊ ሓገዝ) በቲ ክፍሊ ዝተኣወጀ መምርሒታት ናይ ማሕበራውን ህጹጽ ሓገዝን Sozial- und Nothilfe-Richtlinie ይምርኮሱ።,

## 1. ማሕበራዊ ሓገዝ ንኽትሓትት ዘድልዩኻን ክተማልኦም ዘለካን ነገራት

*ዓንቀጽ 1 ፍቕዲ 1* SHGን *ዓንቀጽ A.4 ን E.2.1 ን ናይ* SKOS መምርሒታት

### ኣብ ካንቶን ግላሩስ ክትህሉ ኣለካ

ማሕበራዊ ረድኤት ዝቕበሉ ሰባት እቲ ኣብ ቦታ ምህላው ዝብል ሕጊ ይምልከቶም። እዚ ማለት፡ ማሕበራዊ ረድኤት ዝቕበሉ ሰባት ብመሰረት ሕጊ ኣብቲ ረድኤት ዝቕበሉሉ ምሉእ እዋን ኣብ ካንቶን ግላሩስ ክህልዉ ኣለዎም። ከምኡውን ንቖጸራ ናይ ምኽራዊ ዝርርብ ድልዋት ክኾኑን ስራሕ ንኽረኽቡ ጻዕርታት ክገብሩን ይግብኦም። ንሓጺር እዋን ኣብ ቦታኻ ዘይምህላው (2-3 መዓልቲ) ክሕበር ግድን ኣይኮነን። ነዊሕ እዋን ካብ ቦታኻ ምርሓቕ ግን ግድን ክሕበር ኣለዎ።

### ዘይእኹል መናበሪ ነገራት

ሓገዝ ንኽውሃበካ ናትካ መናበሪ ነገራት ዘይእኹል ወይ ተጠቂምካሉ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ድማ ደሞዝ፡ ንብረት/ዕቁር ሃብቲ ውይ ካብ ሳልሳይ ኣካል ዝመጸካ ገንዘብ

- ከም ማሕበራዊ መድሕን
- ካብ ክሕግዙኻ ዝግደዱ ውልቀ ሰባት ዝመጸካ ገንዘብ ከም መዕበዪ ቆልዑን ካልእ ገንዘብን (ነኣብነት ህያባት)

ይጥርንፍ።

እዚ ማለት፡ እዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ተኽእሎታት ፍጹም ምስዘይህልዉ እዩ ማሕበራዊ ረድኤት ክሕተት ዝክኣል (መወዳእታ ምርጫ እዩ)።

## 2. ተቐበልቲ ረድኤት ክሕብርዎም ዘለዎም ነገራት

*ዓንቀጽ 1 ፍቕዲ 1 ዓንቀጽ. 29፡ 30 SHG / E.2.1 ናይ SKOS-መምርሒታት / ሲቪላዊ ሕጊ ስዊዘርላንድ (ZGB) ዓንቀጽ 328 f ዓንቀጽ 277 ፍቕዲ 2*

ኣብቲ ናይ ረድኤት ሕቶ መቕረቢ ቅጥዒ ዝርከቡ ሕቶታት ሙሉእ ብሙሉእን ብሓቅን ክትምልስዎም ይግብኣኩም። ማሕበራዊ ረድኤት ክትሓቱ ከለኹም፡ ንውልቃውን ቁጠባውን ኩነታትኩም ዝምልከት ሓበሬታ ክትህቡ ትግደዱ ኢኹም። ንውልቃውን ቁጠባውን ኩነታት ዝምልከት ሓበሬታ ናይ ምሳኹም ዝቕመጡ ሰባት (ከም መጻምድኹም) ክትህቡ ውን ትግደዱ ኢኹም።

ዝኾነ ኣብ ውልቃውን ቁጠባውን ኩነታትኩም ከምኡውን ኣብ ኩነታት ናይ ምሳኹም ዝቕመጡ ሰባት ዝመጽእ ለውጢ፡ ብቑልጡፍን ብናትኩም ተበግሶን (ሕቶ ከይተጸበኹም) ንቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክትሕብሩ ኣለኩም።

**እቶት**

ኩሉ እቶትኩም ክትሕብሩ ኣለኩም። እዚ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት የጠቓልል፥ ደሞዝ፡ ናይ 13 ወርሒ ደሞዝ፡ ሞቕሽሽ (Gratifikationen)፡ ናይ ስራሕ ኣልቦ ገንዘብ (Arbeitslosentaggeld)፡ ዓስቢ (Provisionen)፡ ናይ መዕበይ ቆልዑ ገንዘብ (Alimente)፡ ናይ ቆልዑን ናይ መምሃሪኦምን ዝውሃብ ተወሳኺ ገንዘብ (Kinder- und Ausbildungszulagen)፡ መምሃሪ ገንዘብ (Stipendien)፡ ናይ ጥሮታ፡ ስንክልና፡ ዝኽትምና፡ ናይ ምዉት ብዓል ቤትካ ወይ ብዓልቲ ቤትካ ጥሮታ፡ ናይ ሓደጋ ክፍሊት፡ ካብ ወጻኢ ዝመጽእ ጥሮታ፡ ካብ መድሕን ናይ ውትህድርና ዝመጽእ ገንዘብ፡ ከምኡውን እቶት ካብ ገዛ ኸራይ፡ ህያባት፡ ካብ ሎተሪ ዝመጸ ገንዘብ፡ ዝወረስካዮ ገንዘብ፡ ካሕሳታ ካትንብ ኢንተርነት ትረኽቦ ገንዘብን (ነኣብነት ቢትኮይን፡ ፐይፓል)።

**(ዕቑር) ሃብቲ**

ኩሉ ሃብትኹም ክትሕብሩ ኣለኩም። እዚ ናይ ባንክን ፖስታን ሕሳብ፡ ዝርዝር ገንዘብ፡ ብርኪ፡ ናይ ህይወት መድሕን፡ መካይን፡ ኣብ ስዊዘርላንድ ይኹን ወጻኢ ካብ ስዊዘርላንድ ዝርከቡ ገዛውቲ፡ መሬትን መሰል ተጠቃምነትን፡ ወዘተ የጠቓልል።

**ዕዳ**

መሕበራዊ ረድኤት ዕዳ ኣይሽፍንን እዩ። እቲ ንዓኹም ዝበለጸ ፍታሕ ክንረክብ ምእንቲ ክንክእል ግን፡ ዘለኩም ዕዳ ክትሕብሩና ንሓተኩም።

**ሓበሬታ ብዛዕባ ምሳኹም ዝነብሩ ሰባት**

ብዛዕባ ኩሎም ምሳኹም ዝነብሩ ሰባት ሓበሬታ ክትህቡን ንእቶቶምን ሃብቶምን ዝምልከት ሕቶታት ብሓቂ ክትምልሱን ትግደዱ ኢኹም።

ማሕበራዊ ረድኤት ምስ ዘይቅበል ሰብ/መጻምዲ ትነብሩ ምስትኾኑ፡ ነቲ ተማልእዎ ናይ ገዛ ስራሓት ዝምልከት ገንዘብ ኣብቲ ባጀት ክሕሰብ ኢዩ (ከም እቶት ተሓሲቡ ካብ ባጀት ይቑረጽ)።

ከም መጻምዲ ግን ብዘይ ቃል ኪዳን (Konkubinat) ብሓንሳብ ምስ እትነብሩ (ናይ ሓባር ቆልዑ ኣለዉኹም ወይ ካብ ክልተ ዓመት ንላዕሊ ብሓባር ኣብ ሓደ ገዛ ነቢርኩም ኣለኹም)፡ እቶትን ሃብትን ናይ መጻምድኹም ከም ሰብ ቃል ኪዳን እዩ ዝሕሰብ ወይ ኣብ ግምት ዝኣቱ። እዚ ዋላ ነቶም ሓደ ጾታ ዘለዎም ብሓንሳብ ዝነብሩ መጻምዲ ይምልከት። ዝተፈራረሙ ሓደ ጾታ ዘለዎም መጻምዲ (eingetragene Partnerschaft) ከም ሰብ ቃል ኪዳን እዮም ዝሕሰቡ።

## 3. ተወሳኺ ሓበሬታታት

**ወጻኢታት / ምግዛእ ወይ ምጥራይ ንብረታት**

ናይ ዋጋ ቀረባት ምሰተረክቡ ጥራይ እዩ ፍሉይ ወጻኢታት ዝምርመርን ዝሽፈነልኩምን። እዚ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ይምልከት፥

- ናይ ሓኪም ስኒ ወጻኢታት
- ናይ ገዛ ምቕያር ወጻኢታት
- ኣቑሑት ምቕማጥ (ከም መኻዚኖ)
- ኣቑሑት ምግዛእ/ምጥራይ፡ ወዘተ

**_ተሽከርከርቲ ንዘለዎም ዝምልከት_** *ሕግታት/መምርሒታት ማሕበራውን ህጹጽን ረድኤት 8.2*

ብሓፈሹ ንተሽከርከርቲ ዝምለከት ክፍሊታት ብማሕበራዊ ረድኤት ኣይሸፈኑን እዮም። ብምኽንያት ጥዕናን ስራሕን ግድን ተሽከርከርቲ ክጥቀሙ ዘለዎም ሰባት ጥራይ እዮም ንተሽከርከርቲ ዝምልከት ወጻኢታቶም ብማሕበራዊ ረድኤት ዝሸፈነሎም። ብመሰረት እዚ ሕግታት፡ ተሽከርካሪ ክትሕዙ ዝፍቀደልኩም እንተኾይኑ፡ ንምሓዝ ወይ ንምክንኻን ተሽከርካሪ ዝምልከት ወጻኢታት ብኸመይ መገዲ ክኸፍልዎ ከምትኽእሉ ንቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ረድኤት ክትሕብሩ ኣለኩም።

ቀጻሊ ናይ ካልእ ሰብ ተሽከርከርቲ ትዝውሩ ምስትኾኑ፡ ንቤት ጽሕፈት ማሕበራዊ ረድኤት ክትሕብሩ ትግደዱ ኢኹም።

ኣብ ናይ ማሕበራዊ ረድኤት ተቕርብዎ ሕቶ እቲ እዋናዊ ዋጋ ናይቲ ተሽከርካሪ ክትሕብሩን ቅዳሕ (ኮፒ) ናይቲ ተሽከርካሪ ሰነድ (ነኣብነት ናይ መኪና) (Fahrzeugausweis) ክተረክቡ ኣለኩም። ኩሉ ለውጥታት ውን (ምግዛእን ምሻጥን) ንቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክትሕብሩ ኣለኩም።

ተሽከርካሪ ምጥቃም ኣድላዪ ምኺኑ ብጭቡጥ ዝተረጋገጸ ርዱእ ምኽንያት ምስዝህልው ጥራይ እምበር፡ ውልቃዊ ወጻኢታት ናይ ተሽከርካሪ ብማሕበራዊ ረድኤት ኣይሸፈንን እዩ።

**ገዛውቲ**

ማሕበራዊ ረድኤት ዝወስዱ ሰባት ገዝኦም ብባንክ ከትሕዝዎ ወይ ክትቀሙሉ (ማለት ሸይጦም በቲ ገንዘብ ክናበሩ) ኣለዎም። ካብ ስዊዘርላንድ ወጻኢ ዝርከቡ ገዛውቲ ምስዝህልዉዎም ድማ፡ ብመሰረት ትእዛዝን ምርድዳእን ምስ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክጥቀሙሉ (ማለት ሸይጦም በቲ ገንዘብ ክናበሩ) ኣለዎም።

እቲ ማሕበራዊ ረድኤት ካብ ሽድሽተ ወርሒ ንላዕሊ ምስዝኸውን፡ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት በቲ ገዛኻ ከምትውሓስ ይገብር (ገዛኻ ከም ውሕስነት ይትሓዝ)።

**ሓገዝ ካብ ኣዝማድ/ቤተሰብ**

ኣዝማድ (ውላድ፡ ወለዲ፡ ዓባይን ኣብሓጎን) ብመሰረት ሲቪላዊ ሕጊ ንክሕግዙ ክግደዱ ይኽእሉ እዮም።

**ዘቤታዊ እንስሳታት**

ንዘቤታዊ እንስሳታት ዝምልከቱ ወጻኢታት ብማሕበራዊ ረድኤት ኣይሸፈኑን እዮም።

**ንወጻእተኛታት ዝምልከት ሓበሬታ**

ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንቤት-ጽሕፈት ወጻእትኛ (ሚግሬሽን) ማሕበራዊ ረድኤት ከምትቕበሉ ክሕብሮ ብሕጊ ይግደድ እዩ። ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ብዛዕባ እቲ እዋንን (ንኽንደይ እዋን) ዓቐንን ናይቲ ትቕበልዎ ማሕበራዊ ረድኤት ንቤት-ጽሕፈት ወጻእትኛ (ሚግሬሽን) ሓበሬታ ንኽህብ ይግደድ እዩ።

**4. መሰላት** *ዓንቀጽ. 3፡ 19፡ 20 ን 22 ን SHG*

**ናይ መነባብሮ ውሕስነት**

ሓደ ሰብ ብናቱ እቶት ንነብሱን ምስኡ ዝነብሩ ቤተሰቡን ብእኹል መገድን ኣብ ግቡእ ግዜኡን ከናብር ምስዘይክእል፡ መሰል ናይ ቁጠባዊ ሓገዝ ኣለዎ።

### ኣገልግሎት ውልቃዊ ምኽሪ

ዝኾነ ሰብ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ምስዝርከብ፡ ወልቃዊ ምኽሪ ንኽረክብ መሰል ኣለዎ። እዚ ዓይነት ምኽሪ ብልሙድ ብነጻ እዩ።

### ኣገባብ ናይ ይግባይ

ማሕበራዊ ረድኤት ብመሰረት ናይ ሓገዝ ውሳኔን (Leistungsentscheid) ሕጋዊ ትእዛዝ ናይ ማሕበራዊ ረድኤትን (Verfügung) ይውሃብ። ነቲ ውሳኒ ምስዘትሰማምዑሉ ወይ ምስዘይትቕበልዎ፡ ይግባይ ክትብሉ ትኽእሉ ኢኹም።

## 5. ግዴታታት *ዓንቀጽ 26፡ 28፡ 30ን 32ን SHG*

### ናይ ምሕባር ግዴታ

ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ነቲ ዝሃብኩሞ ሓበሬታ ክምርምርዎ ይግደዱ እዮም። ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገግሎት፡ ዋላ ብዘይ ፍቓድኩም፡ ውልቃውን ቁጠባዊ ሓበሬታ ብዛዕባኹም ካብ ሳልሳይ ኣካል (ንኣብነት ካልኦት ቤት-ጽሕፈታት፡ ኣስራሒኹም) ክናድዩ ይፍቀደሎም እዩ። እዚ ዝስዕብ ክትፈልጡ ኣለኩም፤ ኣብቲ ዝሃብኩሞ ሓበሬታ፡ ንስእነት፡ ዓቕን ናይ ዝግብኣኩም ሓገዝ ወይ ክእለት ናይ ስራሕ ንዝምልከቱ ሕቶታት ብምሉእ እንተዘይመሊስኩሞም፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ካብ ካልኦት ኣካላት ሓበሬታ ክናድዳያ ትሰማምዑ ኢኹም። ነዚ ከምትሰማምዑሉ እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ብምፍራምኩም ተረጋግጹ።

ጉዳይ ንምምርማር ኣድላዪ ምስዝኾውን፡ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ገዛኹም ከመጹ መሰል ኣለዎም።

### ስራሕ ንምርካብ ዝግበር ጻዕሪ

ነዚ ዝጻረር ከቢድ ምኽንያት ምስዘይህሉ፡ ስራሕ ዘይብሎም፡ ብማሕበራዊ ረድኤት ዝሕገዙ ሰባት፡ ስራሕ ንክሰርሑ ወይ ስራሕ ክርኽቡ ንኽጽዕሩ ይገደዱ እዮም፡

እቲ ንስራሕ ምርካብ ዝግበር ጻዕሪ ብቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ክምርመር ይኽእል እዩ። እኹል ጻዕሪ ምስዘይግበር ወይ ናይ ስራሕ ቀረብ ምስዝንጸግ፡ ማሕበራዊ ረድኤት ክጎድል ወይ ክስረዝ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ስራሕ ምውህሃድ ንዝምልከት ዝወሃበኩም መምርሒታት ውን ይምልከት።

### ግዴታታትን ምትሕብባርን

ሓገዝ ዝደልዩ ሰባት ክተሓባበሩ ይግደዱ እዮም።

እቲ ሓገዝ ምስ ግዴታታትን መምርሒታትን ዝተኣሳሰረ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዕላማ ናይዚ ድማ ቁጠባዊ ነብስኻ ምኽኣል እዩ። ኣብ ንማሕበራውን ሞያውን ምውህሃድ ዝምልከቱ መደባት ምስታፍ፡ ሓደ ካብቲ ግዴታታት እዩ።

### ናይ ክፍሊት ጸብጻብ ምግባርን ናይ ምምላስ ገንዘብ ግዴታን

ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቐዲሙ ሓገዝ/ገንዘብ ምስዘሕልፈልካ፡ ዝኾነ ገንዘብ ካብ ማሕበራዊ መድሕን፡ ካብ መዕበዪ ቆልዓ ክኽፍለካ ዝግብኦ ሰብ ወይ ካብ ሳልሳይ ኣካል ገንዘብ ምስዝመጸካ፡ ነቲ ኣሕሊፉልካ ዝነበረ ገንዘብ ንኽምለስ ክሓተት ሕጋዊ መሰሉ እዩ።

ካብ ሓገዝ ማሕበራዊ ረድኤት ወጺእኩም ነብስኹም ምስእትኽእሉ፡ ናይ መነባብሮ ኩነታትኩም ምስዝምሓየሽን ዓቕሚ ናይ ምምላስ ምስዝህልወኩምን፡ ማሕበራዊ ረድኤት ክምለስ ግዴታ እዩ። ብዘይ ጉቡእ ዝተወሰደ ናይ ረድኤት ገንዘብ ውን ክምለስ ግዴታ እዩ።

**6. መቕጻዕቲ** *ዓንቀጽ 28 ፍቕዲ 3 ዓንቀጽ 30፡ 32 ፍቕዲ 1 SHG: ዓንቀጽ 66a፡ 146፡ 148a ገበናዊ ሕጊ ስዊዘርላንድ (StGB)*

ክትተሓባባር ከምእትኽእል ዝተገብረልካ ትጽቢት ምስትነጽግ፡ ከምኡውን/ወይ ግዴታታት ወይ መምርሒታት ምስዘይትሕሉ፡ ማሕበራዊ ረድኤት ክጎድል ወይ ክስረዝ ይኽእል እዩ። ዝኾነ ሰብ ቅኑዕ ዘይኮነ ወይ ምሉእ ዘይኮነ ሓበሬታ ብምሃብ ቁጠባዊ ሓገዝ ከምዝረክብ ምስዝገብር፡ ነቲ ዝተገበረሉ ቁጠባዊ ወይ ዓይነታዊ ሓገዝ ንኽመልሶ ይግደድ እዩ።

ዘይግባእ ሓገዝ ከምዝትወሰደ ጭቡጥ ጥርጣሬ ምስዝህሉ፡ ካንቶን ግላሩስ ብትካል SoWatch GmbH እቲ ጉዳይ ከምዝምርመር ክገብር ይኽእል እዩ። በዚ ምኽንያት ውን እቶም ዝምርምሩ ሰባት፡ ኣቓዲሞም ነጊሮም ወይ ከይነገሩ፡ ኣብ ገዛኻ ክመጹ ይኽእሉ እዮም። ብዘይ ቁኑዕ መንገዲ ዝተወሰደ ሓገዝ ውን ብመርመርቲ ኣካል ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብሑቡእ መንገዲ መርመራ ክካየድ ይኽእል እዩ።

ዕለት 1 ጥቅምቲ 2016፡ ንምትላልን ዓመጽን ኣብ ማሕበራዊ ረድኤት ዝምልከቱ ሓደስቲ ሕግታት ጸዲቖም። ብመሰረት እዞም ሓደስቲ ሕግታት፡ ብኸምዚ ገበናዊ መንገዲ ዝተወሰደ ገንዛብ፡ ዋላ ውሑድ ይኹን፡ ናብ ገበናዊ መስርሕን ካብቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ዝኸበደ ፍርድን ክመርሕ ይኽእል እዩ። እዚ ናብ ናይ ገንዘብ መቕጻዕትን ማእሰርትን ከብጽሕ ይኽእል። ዜግነት ናይ ስዊዘርላንድ ዘይብሎም ወጻእተኛታት ውን ካብ ስዊዘርላንድ ንኽስጎጉ ክፍረዱ ይኽእሉ።

ንሰራሕተኛታት ምስተፈራርሕ ጥርዓን ናብ ፖሊስ ይቐርብ።

**7. ከምዝፈለጥካ መረጋገጺ**

**እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ከምዝሰማዕክዎን ከምዝፈለጥክዎን ብኽታመይ የረጋግጽ።**

| | |
|---|---|
| ቦታን ዕለትን | ክታም ሓታቲ/ት ረድኤት |
| ------------------------------------ | ----------------------------------------------------- |
| ቦታን ዕለትን | ክታም መጻምዲ |
| ------------------------------------ | ----------------------------------------------------- |

ኣብዚ ወረቐት ዘይተመለሰ ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ ንቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ተወከስዎ። እቲ ሕቶ መቕረቢ ቅጥዒ ምሉእ ብምሉእ እንተተመሊኡን እቶም ኣድለይቲ ዝኾኑ ሰነዳት ምስኡ እንተተረኪቦምን ጥራይ እዩ እቲ መሰል ናይ ሓጋዝ ማሕበራዊ ረድኤት ዝምርመር።

---



***ሓፈሻዊ መግለጺ ናይ መሰልን ግዴታን ኣብ ማሕበራዊ ረድኤት፡ በዞም ኣብዚ ዝስዕብ ሊንክ ዝርከቡ ቪድዮታት ክትረኽቡ ትኽእሉ፥***
[www.gl.ch/verwaltung/volkswirtschaft-und-inneres/soziales/sozialhilfe.html/978](www.gl.ch/verwaltung/volkswirtschaft-und-inneres/soziales/sozialhilfe.html/978)